# ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)
# UNION OF TIGREANS IN NORTH AMERICA (UTNA)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 749-8609
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org

ዕለት፡ 12 ጁን ፣ 2020

ቤት ፅሕፈት ማተሰኣ
ዋሽንግተን ዲሲ

**ኣብ እዋናዊ ጉዳይ ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተወሃበ መግለፂ**

ቤት ምኽሪ ትግራይ መረፃ 2012 ዓ/ም ኣብ ትግራይ ብዝተታሓዘሉ ጊዜ ንኽካየድ ብሙሉእ ድምፂ ምውሳኑ ማሕበርና ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ብምሉእ ልቢ ይድግፍ። ንተፈፃምነት እዚ ውሳነ መንግስቲ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ድማ ይፅውዕ። ነዚ ውሳነ ንምትግባር ዘድልዩ ቅድመ ምድላዋት ንምውጋን መንግስቲ ኣብ ዝካይዶ ምንቅስቓስ ኣድላዪ ዘበለ ድጋፍ ንምግባር ማሕበርና ከም ካልኦት ሓፋሻት ማሕበራት ትግራይ እጃሙ ንምውፋይ ኣብ ጎኒ ህዝቢን መንግስትን ትግራይ ጠጠው ከም ዝብል ቃል ይኣቱ። መረፃ 2012 ፍትሓዊን ዲሞክራሲያዊን ንክኸውን፤ ኩሎም ውድባት ፖለቲካ ዝሳተፍሉ ማዕረ ዕድል ዝፈጥር መፃወቲ ሕግን ሜዳን ክፍጠር ማሕበርና ይፅውዕ።

እዚ ሎሚ ቤት ምኽሪ ትግራይ ብምሉእ ድምፂ ዘፅደቖ ውሳነ፣ ህዝቢ ትግራይ ብቓልሱ ዘረጋገፆ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን ኣብ ዝኾነ እዋን ናብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣቱ ከምዘይኮነ ዘግሃደ ውሳነ ብምዃኑ ንመንግስቲ ትግራይን ውድባት ፖለቲካ ትግራይን ኣብ ቅዋሞም ፀኒዖም ንዘካየድዎ ቃልሲ ማሕበርና ናእድኡ ይገልፅ።